ኢጣልያ

# ብዛዕባ ዝውውር ክትፈልጥዎ ዘለኩም

## ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልከቲ



**መዘኻኸሪ።** እዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ንዓኻ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ዝሓዘት እያ። ዘይተረድኣካ ነገር እንተሃልዩ፡ ንሓደ በዓል ስልጣን መብርሂ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


ዝውውር ወይ ምስግጋር እንታይ ማለት እዩ? 3

እንተ ተመሪጽካ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ኢኻ ክትዘዋወር? 4

ንክትዘዋወር እንተ ተመሪጽካ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር? 5

ምስ ሰበስልጣን እንተዘይተሓባቢርኩም እንታይ ይኸውን? 5

ኣባላት ስድራ ቤትካ ምሳኻ እንተ ኼይኖምኽ? 6

ቅድሚ ዝውውር ቃለ መሕትት ክካየድ ድዩ? 6

ኣብቲ ናይ ዝውውር ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ እንታይ ክትገብር ትኽእል? 7

- ይግባይ ንሓባራዊ ናይ እገዳ ተፈጻሚነትን ቀጺሉ ዝግበር ይግባይን -
- ይግባይ ንዝተፈላለየ ናይ እገዳ ተፈጻሚነትን ቀጺሉ ዝግበር ይግባይን -

እቲ መስርሕ ዝውውር ክንደይ ግዜ ዝወስድ እዩ? -

ድሕሪ ዝውውር እንታይ እዩ ክኸውን? -

## ዝውውር ወይ ምስግጋር እንታይ ማለት እዩ?

ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት 4 ሃገራትን ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን (AMMR) ኣብ ዝበሃል ናይ ሓባር ሕጊ ተሰማሚዐን። እዚ ሕጊ እዚ ኣየነይቲ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበ መመልከቲ ንምምርማር ሓላፍነት ከም ዘለዋ ንምውሳን ዝሕግዝ እዩ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ይበሃላ።



ሓንቲ ሃገር ብሓደ ግዜ ብዙሕ መመልከቲታት ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተተቐቢላን ክተካይዶ እንተዘይክኢላን ካልኦት ሃገራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክድግፋኦ ይኽእላ እየን። ገለ ካብቶም ኣመልከትቲ ናብ ካልእ ሃገር ክሰጋገሩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድማ ዝውውር ይበሃል።

እዚ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙ፡ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብዛ ሃገር ክምርመር ኣይክእልን እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ 26 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ጥራይ እየን ናብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ዝግበር ዝውውር ክሳተፋ ዝኽእላ።

**ኣገዳሲ! ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ መስርሕ ዝውውር ክሳተፋ ዝኽእላ 26 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ቸክያ፣ ጀርመን፣ ኢስቶንያ፣ ኣየርላንድ፣ ግሪኽ፣ ስጳኛ፣ ፈረንሳ፣ ክሮኤሽያ፣ ኢጣልያ፣ ቆጵሮስ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ሃንጋሪ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ኣውስትርያ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሮማንያ፣ ስሎቬንያ፣ ስሎቫክያ፣ ፊንላንድን ሽወደንን።

እተን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መስርሕ ዝውውር ዘይሳተፋ ዘለዋ 5 "ተሓባበርቲ" ሃገራትን ካልኦት ሃገራትን፣ ዴንማርክ፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።

## እንተ ተመሪጽካ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ኢኻ ክትዘዋወር?

መን ክዘዋወር ከምዝኽእል እቶም ሰብመዚ እዮም ክውስኑ።


ብመጀመርታ ምስ ካልእ ሃገር **ድልዱል ምትእስሳር** እንተሃልዩካ ክምርምሩ እዮም። እዞም ምትእስሳራት እዚኦም ኣብ ዝስዕቡ ጉዳያት ዝተመርኮሱ ክኾኑ እዮም፡

- ስድራቤታዊ ጉዳያት ኣብ ግምት ዘእተወ (ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤትን ከም ደቂ ሓፍቲ ኣደን ኣኮን ዝበሉ ኣዝማድን ዝሓወሰ)
- ባህላዊ ጉዳያት ኣብ ግምት ዘእተወ (ንኣብነት ቋንቋ እታ ሃገር ትዘረብ እንተኾንካ)

**ኣገዳሲ!** ናብ ኣየነይቲ ሃገር ከም እትዘዋወር ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ምስ ካልእ ሃገር ዘለካ ምትእስሳር ዘረጋግጽ ሰነዳት እንተሃልዩካ ብቕልጡፍ ናብ ሰበስልጣን ከተቕርቦ ኣለካ። እንተዘይኮይኑ እቶም ሰበስልጣን ዝምድናኹም ኣብ ግምት ከእትውዎ ኣይክእሉን እዮም።

እዚ ግን ናብታ ሃገር ከም እትዘዋወር ውሕስነት ኣይህብን እዩ።



ምስ ካልእ ሃገር ዝኾነ ድልዱል ምትእስሳር እንተዘይብልካ፡ ናብታ ኣብ ዝውውር ዝሳተፉ ሃገራት ዝወሰነኣ ሃገር ክትግዕዝ ኢኻ።

ምስ ካልእ ሃገር ድልዱል ርክብ ከምዘለካ ዘርኢ መርትዖ እንተሃልዩካ፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒምካ ከተቕርቦ ይግባእ።

## ንክትዘዋወር እንተ ተመሪጽካ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር?




ንኽትዘዋወር እንተተመሪጽካ፡ ዝስዕቡ ክትገብር ኣለካ፡

- ምስ ሰበስልጣን ምትሕብባርን መምርሒታቶም ምኽታልን።
- ክሳብ ዕለት መገሻኻ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕን ሰበስልጣን ክበጽሑኻ ክኽእሉን ኣለዎም።
- መመልከቲኻ ክሳብ ዝምርመር ኣብታ እትዘዋወረላ ሃገር ጽናሕ።

## ምስ ሰበስልጣን እንተዘይተሓባቢርኩም እንታይ ይኸውን?

**ኣገዳሲ!** ምስ ሰበስልጣን እንተዘይተሓባቢርኩም እዚ ኣብ ንዓኹም ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ።




ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ናብ ዝኾነ ካልእ ሃገር እንተተጓዒዝካ ወይ ካብታ ዝተሰጋገረላ ሃገር እንተወጺእካ፣ ከም ኣመልካቲ ዘለካ ዝተወሰኑ መሰላት ክትስእን ኢኻ። ንኣብነት፡

- **ብዙሕ ኣገልግሎታትን ናይ ደገፍ ዓይነታትን ኣይትረክብን ኢኻ።**
- **ስራሕ ክትሰርሕ** ወይ ኮርሳት ክትከታተል ኣይክፍቀደልካን እዩ።


## ኣባላት ስድራ ቤትካ ምሳኻ እንተ ኼይኖምኺ?

ኣብዚ እዋን’ዚ ብኣባላት ናይ ቀረባ ስድራቤትካ ተዓጂብካ እንተሃሊኻን ንዝውውር እንተተመሪጽካን፣ ስድራቤትካ ምሳኻ ብሓባር ክግዕዙ እዮም።

ዝስዕቡ ወገናት ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት ኮይኖም ይቑጸሩ፡-



- በዓል ቤትኪ ወይ ሰበይትኻ
- ርጉእ ዝምድና ዘለኩም ግን ዘይተመርዓኻያ መጻምድትኻ



- ውላድካ (ትሕቲ 18 ዓመትን ዘይተመርዓወ/ትን)።

## ቅድሚ ዝውውር ቃለ መሕትት ክካየድ ድዩ?



ካባኻ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድኣ ኣድልዩ ቃለ መሕትት ክግበረልካ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ጉዳይ ዉሑስነት ዘተኮረ ክኸውን እዩ። ናብ ከምዚ ዝበለ ቃለ መሕትት ክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ፣ እቶም ሰበስልጣን ኣቐዲሞም ዝርዝር ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም።

# ኣብቲ ናይ ዝውውር ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?



ንዝውውር ተቐባልነት እንተረኺብካ፣ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ከም እትግዕዝ ዝገልጽ **ናይ ዝውውር ውሳነ** ይወሃበካ።

ምስዚ ናይ ምስግጋር ውሳነ እንተዘይተሰማሚዕኩም ምኽንያትኩም ንቤት ፍርዲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ ይግባይ ምቕራብ ይበሃል። ንሓደ ውሳነ ይግባይ ክትብል ከለኻ፡ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ እዩ።



ኣድላዪ እንተኾይኑ ኣማኻሪ ሕግን ተርጓሚን ኣብቲ ይግባይ ብነጻ ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

ነቲ ውሳነ ዝውውር ይግባይ ንምባል ሰለስተ ምኽንያታት ጥራይ እዮም ዘለዉ፡

- ናብታ ዝተመረጸት ሃገር ምስግጋር ኣንጻር ሰብኣዊ መሰላትካ እዩ እንተይልካ
- ናይ ዝውውር ውሳነ ኣብ ዝተዋህበሉ እዋን ዘይነበረ ሓድሽ ሓበሬታ እንተልዩ እዚ ድማ ነቲ ውሳነ ክጸልዎ ዝኽእል እንተኾይኑ
- ኣብ ካልእ ሃገር ስድራቤት እንተልዮምኻ እሞ ምስኦም ክትጥርነፍ እትኽእል እንተኾይንካ

ናብ ካልእ ሃገር ንኽትመሓላለፍ ምስ ዝተዋህበካ ውሳኔ እንተዘይተሰማሚዕካ፣ ኣብቲ ናይ ምትሕልላፍ ውሳኔ ዝተጠቕሰ ናይ ግዜ ገደብ ውሽጢ ኣንጻር እቲ ውሳኔ ይግባይ ክትብል ኣለካ።

እቲ ናይ ግዜ ገደብ፡ ኣበይን ብኸመይን ይግባይ ከም እተቕርብ ኣብቲ ዝተዋህበካ ናይ ዝውውር ውሳነ ክግለጽ እዩ።

ናብቲ ናብ ካልእ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ንምዝውዋር ዝተዋህበ ውሳነ ዘይትሰማምዓሉ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ክተቕርብ ይግባእ።

ብተወሳኺ ይግባይካ ኣብ ዝቕጽለሉ እዋን ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትሰጋገር ከምዘይብልካ ዝገልጽ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ክትህብ ይግባእ..

ቤት ፍርዲ መጀመርያ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ኣብዛ ሃገር ውጽኢት ናይቲ ይግባይ ክትጽበ ትኽእል ዲኻ ኣይትኽእልን ብዝምልከት ኣብ ውሽጢ **1 ወርሒ** ክውስን እዩ። እዚ ድማ ኣብ ናይ እገዳ ተፈጻሚነት ዝግበር ይግባይ ተባሂሉ ይፍለጥ።


ቤት ፍርዲ ውጽኢት ናይቲ ይግባይ ኣብ ውሽጢ እዛ ሃገር ኮይንካ ክትጽበ ከምዘይትኽእል እንተ ወሲኑ፣ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ።

ቤት ፍርዲ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ክፍቀደልካ ኣለዎ ኢሉ እንተ ወሲኑ፡ ቤት ፍርዲ ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትሰጋገር ኣለካ ድዩ የብልካን ብዝምልከት ካብቲ ውሳነ ናይ እገዳ ተፈጻሚነት ዝወሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ናይ መወዳእታ ውሳነ ክህብ ክፍትን እዩ።

ይግባይካ ተቐባልነት እንተዘይረኺቡ፣ ናብታ ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ። እቲ ዝውውር ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ካብ ዝሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 4 ሰሙን ክግበር ይግባእ።

**ኣገዳሲ!** ምስ ሰበስልጣን ክትተሓባበርን ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትጓዓዝን ኣለካ።

# እቲ መስርሕ ክንደይ ግዜ ዝወስድ እዩ?




ነቲ ውሳነ ይግባይ እንተዘይልካ፣ እቲ ዝውውር እታ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ነቲ ዝውውር ምስ ኣረጋገጸት ኣብ ውሽጢ 4 ሰሙን ክግበር ኣለዎ።

ቤት ፍርዲ ይግባይካ እናተርኣየ ከሎ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሓሉ እትኽእለሉ ምኽንያት የለን ኢሉ እንተ ወሲኑ ይግባይካ ኣብ ከይዲ እንከሎ ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ።

ነቲ ናይ ዝውውር ውሳነ ይግባይ እንተ ኣቕሪብካን ቤት ፍርዲ ይግባይካ ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ክፍቀደልካ ኣለዎ ኢሉ እንተ ወሲኑን፣ እቲ ዝውውር ካብቲ ኣብ ይግባይ ውሳነ ዝተውሃበሉ ጀሚሩ፣ እቲ ይግባይ እንተተነጺጉ ኣብ ውሽጢ 4 ሰሙን እቲ ዝውውር ክካየድ ኣለዎ። እንተወሓደ ቅድሚ እቲ ዝውውር ዝግበረሉ ዕለት ቅድሚ 2 መዓልቲ ክትሕበር ኢኻ። ይግባይካ ተቐባልነት እንተረኺቡ ናብ ካልእ ቦታ ኣይትዘዋወርን ኣብዛ ሃገር ድማ ክትጸንሕ ኢኻ።

ቤት ፍርዲ ይግባይካ እናተርኣየ ከሎ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሓሉ እትኽእለሉ ምኽንያት የለን ኢሉ እንተ ወሲኑ ይግባይካ ኣብ ከይዲ እንከሎ ናብታ ናይ ዝውውር ሃገር ክትሰጋገር ኢኻ።

## ድሕሪ ዝውውር እንታይ እዩ ክኸውን?

ብተለምዶ፣ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ በታ እተሰጋገረላ ሃገር ክምርመር እዩ። ድሕሪ ምዝዋርካ ኣብ ካልእ ሃገር ኣባል ስድራቤት ከም ዘለካ እንተተረኺቡ፣ መመልከቲኻ ንክትምርምር ናብታ ሃገር ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ።

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025